Alberta

**ዜናዊ** መግለጺ

# ምሕያል ማሕበረሰባት ተበጻሕነት ፍትሒ ንምዕባይ

30 ጥሪ 2024

ሓድሽ ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ፡ ንኣልበርታውያን ተበጻሕነት ፍትሒ ንምዕባይ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ ተበግሶታት ክድግፍ እዩ።

ካብ ባህላዊ ስርዓት ቤት ፍርዲ ወጻኢ ሕጋዊ ጉዳያት ምፍታሕ ኣብቶም ዝምልከቶም ወገናት ጸቕጢ ክውሕድ ይኽእል፣ ካብ ናብ ቤት ፍርዲ ምኻድ ዝወሓደ ወጻኢታትን ዝቐልጠፈን ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ቁጽሮም እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ኣልበርታውያን ድማ ብቤት ፍርዲ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰቦም ጉዳያት ንምፍታሕ ምርጫ ከምዘለዎም ኣርእዮም።

ኣልበርታውያን ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ንዝፍጸሙ ገበናዊ፡ ስድራቤታውን ሲቪላውን ፍትሒ ጉዳያት ንምፍታሕ ዝያዳ ኣማራጺታት ንምሃብ፡ መንግስቲ ኣልበርታ፡ ንወግዓዊ ስርዓት ቤት ፍርዲ ኣማራጺታት ዝህቡ መሃዝትን ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩን ተበግሶታት ንምድጋፍ፡ 1.2 ሚልዮን ዶላር ኣብ ሓድሽ ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ የውፍር ኣሎ። እቲ ናይ ኣልበርታ ማሕበረሰብ ፍትሒ ሓገዝ ኣብ ውሽጢ ሓደ ንጡፍ፣ ብባህሊ ተኣፋፊ፣ ብዛዕባ ስንባደ ዝሕብርን ምስ ፍሉይ ድሌታት ተቓላዕቲ ኣልበርታውያን ዝተመጣጠነን ማሕበረሰባዊ ምድላው ተበጻሕነት ፍትሒ ንምዕባይ ክሕግዝ እዩ።

“መደባት ፍትሒ ማሕበረሰብ ካብቲ ወግዓዊ ስርዓት ቤት ፍርዲ ዝተረጋገጸን ፈጠራውን ኣማራጺ እዩ። እዚ ሓገዝ ንማሕበረሰባዊ ትካላት ንኽድህስሱን ፈጠራዊ መደባት ንኽፈጥሩን ዝሕግዝ ኮይኑ፡ ንኣልበርታውያን ናብ ስርዓት ፍትሒ ንኽረኽቡ ዝያዳ ኣማራጺታት ንኽህልዎምን ኣብ ልዕሊ ኣብያተ ፍርዲ ዝግበር ጸቕጢ ንምንካይ ክሕግዝን እዩ።”
*ሚኪ ኣመሪ፡ ሚኒስተር ፍትሕን ዋና ዓቃቢ ሕገን*

ፍትሒ ማሕበረሰብ ንኣባላት ሕብረተሰብ ኣብ ውሳነታት ንምውፋር ዝዓለመ ኮይኑ፡ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ግርጭት ንምፍታሕ ክሕግዙ ዝኽእሉ ብሽምግልና፣ ሰላምን ካልኦት ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ መስርሓትን ኣቢሉ ንመሰረታዊ ጠንቅታት ግጭት ንምፍታሕ ሓባራዊ ምፍታሕ ጸገማት የተባብዕ። ብተወሳኺ ብተሳትፎ ሕብረተሰብ፣ መደባት ምክልኻልን ኣማራጺ ኣገባባት ፍትሕን ውሑስን ዝሓየለን ማሕበረሰባት ንምህናጽ ዝዓለመ እዩ።

ብቑዓት ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመስረቱ ትካላትን ናይ ረብሓ ጉጅለታትን ንህሉው መደባት ፍትሒ ማሕበረሰብ ንምድጋፍ ወይ ድማ ካብቲ ወግዓዊ ስርዓት ቤት ፍርዲ መሃዝቲ ኣማራጺታት ንምፍጣር ካብ $5,000 ክሳብ $25,000 ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ ከመልክቱ ይኽእሉ። መመልከቲ ካብ 31 ጥሪ ክሳብ 29 ለካቲት ተቐባልነት ክህልዎ እዩ።

“ን25 ዓመታት ዝኣክል፡ ማሕበር ፍትሒ መንእሰያት ካልጋሪ ንልዕሊ 15,000 መንእሰያት ኣብ ከቢድ ኩነታት ህይወትን ሳሕቲ ግዜ ድማ ምሉእ ዓቕሞም ንኸይበጽሑ ዝዓግቶም ድኹም ምርጫታትን መንገዶም ክረኽቡ ሓጊዙ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ወፍሪ ንሰባት ካብ ስርዓት ፍትሒ ንምርሓቕን ኣብቲ ማሕበረሰብ ናብ ኣድማዒ ፍታሕ ንምምራሕን ዕድላት ዝድግፍ ወፍሪ ንኹሎም ኣልበርታውያን ዓወት እዩ።”
*ደኒስ ብሌር፡ ፈጻሚት ዳይረክተር ማሕበር ፍትሒ መንእሰያት ካልጋሪ*

**ዜናዊ** መግለጺ

" ካብ 2021 ጀሚሩ፡ ማሕበር ትምህርትን ቁጠባዊ ልምዓትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ንባህሊ ዝምጥን ኣገልግሎታት ንማሕበረሰቡ ንምቕራብ ብተወፋይነት ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ሓገዝ ንኽምዚ ናትና ዝኣመሰሉ ማሕበረሰባዊ ትካላት ከም ክቡር ጸጋታት ኮይኑ ከገልግል እዩ፣ ንኣልበርታውያን ካብ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ኣብ ባህላዊ ደጋፊ ሃዋህው ሕጋዊ ጉዳያት ኣብ ምፍታሕ ክሕግዞም እዩ።"
*ዩሱፍ ዓሊ ኣቦ መንበር ቦርድ ማሕበር ትምህርትን ቁጠባዊ ልምዓትን ቀርኒ ኣፍሪቃ*

"መደብ ሓገዝ ማሕበረሰብ ፍትሒ ኣልበርታ፡ ስድራቤታት ፍትሒ ንኽረኽቡ፡ ጽንዓት ንኽሃንጹን ውጽኢት ንኽመሓየሹን ንምድጋፍ ዝግበር ተወፋይነት ዘመልክት እዩ። ምስ ተበግሶ ምጽጋን ስርዓተ ፍትሒ ስድራቤት ኣልበርታ ዝሰርሑ ማሕበረሰባት፡ ንማሕበራዊ፡ ዝምድናዊ፡ ኣተዓባብያ፡ ፋይናንሳውን ጥዕናውን ጉዳያት ዘድልዮም ደገፋትን ክእለታትን ንምርካብ እናሓየሉ፡ ኣብ ተጻባእቲ ሕጋዊ መስርሓት ምጽጋዕ ንምንካይ፡ ለውጢ ዘምጽኡ ስግረ-ጽላት ምህዞታት ይምርምሩ ኣለዉ። ኣብዚ ዳግማይ ተሓሲቡ ዘሎ ስርዓት፡ ስድራቤታት ክስስና እየን።"
*ዲያና ሎው፡ ኣማኻሪት ስርዓት ፍትሒ፡ ዳግመ-ምምሳል ፍትሒ*

እቲ ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ፡ ምግምጋም ድሌታት፡ ጸጋታት ስልጠና፡ ቴክኖሎጂካዊ ደገፍን ተበጻሕነት ናይቶም መደባት ንምዕባይ ዝግበር ጻዕርታት መጽናዕትን ሓዊሱ ንተበግሶታት ፍትሒ ማሕበረሰብ ዝድግፍ እዩ።

**ቅልጡፍ ሓቅታት**

- መመልከቲታት ኣብ ኣልበርታ ዝመደበሮም ክኾኑን ካብ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ክኾኑን ኣለዎም፤
  - ምዝጉባት ንመኽሰብ ዘይሰርሑ ትካላትን/ወይ ምዝጉባት ግብረ ሰናይ ትካላትን ኣብ ጽኑቕ ደረጃ
  - ቀዳመይቲ ሃገር፡ ሜቲስ ኔሽን ናይ ኣልበርታ ወይ ሜቲስ ሰፈራታት
  - ምምሕዳራት ከተማ
  - ዝተመደበ ፊስካላዊ ወኪል ዘለዎም ማሕበረሰባዊ ጉጅለታት
- ውልቀ ሰባት፣ ኣካዳሚያዊ ትካላት፣ ንመኽሰብ ዝሰርሓ ትካላት፣ ክራውን ኮርፖሬሽናት፣ ኣገልግሎት ፖሊስን ብመንግስቲ ዝምወላ ትካላትን ብቑዓት ኣይኮኑን።

**ተዛማዲ ሓበሬታ**

- [ናይ ኣልበርታ ማሕበረሰብ ፍትሒ ድጋፍ]
- [መምርሒ ሓገዝ ማሕበረሰብ ፍትሒ ኣልበርታ]

**ሕብረ-መድያዊ**

- [ጋዜጣዊ መግለጺ ተኸታተሉ]

**ናይ ሚድያ ሕቶታት**

ቺነነ ኣኖክዉሩ
Chinenye.Anokwuru@gov.ab.ca
(780) 720-1915
ላዕለዋይ ጸሓፊ ፕረስ ፍትሒ